


# ጤል፡ ከልብን ላምን

Fabian Wakholi
Marleen Visser, Ingrid Schechter
Daniel Berhane Habte
tigrinska
nivå 2




ጤል፡ ከልብን ላምን ግርም መሓዙት ነበሩ። ሓደ መዓልቲ ታክሲ ተሳፊሮም ንመገሻ ነቕሉ።



ኣብ መወዳእታ ናይ መገሻኦም ምስበጽሑ፡ እቲ ዘዋራይ ዋጋ መጓዓዝያኦም ንክኸፍሉ ሓተቶም። ላም ዕዳኣ ከፈለት።



ከልቢ እቲ ዝተሓተተ ልክዕ ሸርፊ ስለዘይነበሮ፡ ካብ ዕዳኡ ቅሩብ ዝዛይድ ከፈለ።



እቲ ዘዋራይ ንከልቢ ማልሱ ክህቦ እናተዳለወ እንከሎ ጤል
ካብ ዕዳኣ ገለ'ኳ ከይከፈለት ሃደመት።



እቲ ዘዋራይ ኣዝዩ ተቖጢዑ። ንከልቢ ማልሱ ከይሃቦ ተሓምቢቡ ተመርቀፈ።



ስለዚ ድማ እዩ፡ ክሳብ ሎሚ፡ ከልቢ ናብ ውሽጢ ማኪና ንኽቕልቀልን ነቲ ገንዘብ ዝእውዶ ዘዋራይ ንኽረክብን ናብ ማኪና ገጹ ዝጐይይ።



ጤል ካብ ድምጺ ማኪና ትሃድም። ዕዳኣ ብዘይምኽፋላ ከይትእሰር ትፈርሕ እያ።



ላም ድማ ማኪና ክትመጽእ ከላ ዕጅብ ኣይብላን እዩ። ላም ሸናዕ እንበለት እያ ጽርግያ ትሰግር ምኽንያቱ ዕዳኣ ብምሉኡ ከፊላ እያ።

# Sagor för barn på svenska

berattelser.se

## ጤል፡ ከልብን ላምን

Skriven av: Fabian Wakholi
Illustrerad av: Marleen Visser, Ingrid Schechter
Översatt av: Daniel Berhane Habte

Denna saga kommer från African Storybook (africanstorybook.org) och vidarebefordras av Sagor för barn på svenska (https://berattelser.se/), som erbjuder sagor på månge språk som talas i Sverige.

Detta verk är licensierat under en Creative Commons
Erkännande 3.0 Internasjonal Lisens.